# ኢሳይያስ 25

6 እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ኣብዚ ኸረን እዚ ምሳሕ ብስቡሕ ብልዒ ንዅሎም ህዝብታት
ኪገብረሎም እዩ፡ ምሳሕ ብብርቱዕ ወይኒ፡ ኣንጕዕ ብዝመልኦ ስቡሕ ብልዒ፡ ምሳሕ ብብርቱዕ ጽሩይ
ወይኒ ኺገብር እዩ።
7 ኣብዚ ኸረን እዚ ነቲ ንዅሎም ህዝብታት ዚጋርድ መጋረጃን ነቲ ንዅሎም ኣህዛብ ዚጐልብብ
መጐልበብን ኬጥፍኦ እዩ።
8 ንሞት ንሓዋሩ ኺውሕጦ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ንንብዓት ካብ ገጽ ኵሎም ኪደርዞ እዩ።
እግዚኣብሄር ተዛሪቡ እዩ እሞ፡ ንሕስራን ህዝቡ ኻብ ኵላ ምድሪ ኼርሕቖ እዩ።
9 በታ መዓልቲ እቲኣ፡ እንሆ፡ ኣምላኽና እዚ እዩ፡ ተጸቤናዮ፡ ኬድሕነና ኸኣ እዩ፡ እቲ እተጸቤናዮ
እግዚኣብሄር እዚ እዩ፡ ብምድሓኑ ንተሐጐስ ባህውን ይበለና፡ ኪበሀል እዩ።

# 1ይ ዮሐንስ 3

13 ኣሕዋተየ፡ ዓለም እንተ ጸልኣትኩም፡ ኣይትገረሙ።
14 ንሕና፡ ነሕዋት ነፍቅሮም ስለ ዝዀንና፡ ካብ ሞትሲ ናብ ህይወት ከም እተሰገርና፡ ንፈልጥ ኢና።
እቲ ዘየፍቅር ግና ኣብ ሞት ይነብር።
15 ንሓዉ ዚጸልእ ዘበለ ዅሉ ቐታል ነፍሲ እዩ። ቀታል ነፍሲ ዝዀነ ዅሉ ድማ ናይ ዘለኣለም ህይወት
ኣብኡ ኸም ዘይትነብር፡ ትፈልጡ ኢኹም።
16 ንሱ ንህይወቱ ኣብ ክንዳና ስለ ዘሕለፈ፡ በዚ ንፍቕሪ ንፈልጣ ኢና። ንሕናውን ኣብ ክንዲ ኣሕዋት
ህይወትና ከነሕልፍ ይግብኣና እዩ።
17 ግናኸ ዝዀነ ይኹን ጥሪት እዛ ዓለም እዚኣ ዘለዎ እሞ ሓዉ ተሸጊሩ ኺሎ እናረኣዮስ ድንጋጹ
ዚዕጽወሉ፡ ፍቕሪ ኣምላኽ ከመይ ኢላ ኣብኡ ትነብር፧
18 ኣቱም ደቀየ፡ ብግብርን ብሓቅን እምበር፡ ብቓልን ብልሳንን ኣይንፋቐር።

# ሉቃስ 14

16 ንሱ ኸኣ በሎ፥ ሓደ ሰብኣይ ዓብዪ ድራር ገበረ፡ ንብዙሓት ዓደመ።
17 ኣብቲ ጊዜ ድራር ድማ ነቶም ዕዱማት፡ ኵሉ ተዳልዩ ኣሎ እሞ፡ ንዑ ኪብሎም ባርያኡ ለኣኸ።
18 ኵሎም ከኣ ሐቢሮም ኬማኻንዩ ጀመሩ። እቲ ቐዳማይ፥ ግራት ዓዲገ ኣሎኹ፡ ናብኣ ወፊረ ኽርእያ
ብግዲ ዜድልየኒ ዀይኑስ፡ ከተማኻንየለይ እልምነካ ኣሎኹ፡ በሎ።
19 እቲ ኻልኣይ ድማ፥ ሓሙሽተ ጽምዲ ብዕራይ ዓዲገ ኣሎኹ፡ ክፍትኖም ክኸይድ እየ፡
ከተማኻንየለይ እልምነካ ኣሎኹ፡ በሎ።
20 እቲ ሳልሳይ ከኣ፥ ሰበይቲ ኣእትየ ኣሎኹ፡ ስለዚ ኽመጽእ ኣይኰነለይን እዩ፡ በሎ።
21 እቲ ባርያ መጺኡ እዚ ንጐይታኡ ነገሮ። ሽዑ እቲ ብዓል ቤት ኰርዩ ነቲ ባርያኡ፥ ናብ ኣደባባይን ናብ
መተሓላለፍ ከተማን ቀልጢፍካ ውጻእ፡ ድኻታትን ቈራያትን ሓንካሳትን ዕዉራትን ናብዚ ኣእቱ፡ በሎ።
22 እቲ ባርያ ኸኣ፥ ጐይታይ፡ ከምቲ ዝኣዘዝካዮ ዀይኑ፡ ስፍራ ድማ ገና ኣሎ፡ በሎ።
23 እቲ ጐይታ ድማ ነቲ ባርያኡ፡ ናብ መገድን ናብ ገዛታትን ውጻእ እሞ ቤተይ ምእንቲ ኽትመልእሲ፡
ኪኣትዉ ተጋደሎም፡ በሎ።
24 ካብቶም እተዓደሙ ሰብኡት ሓደ እኳ ንድራረይ ኣይኪጥዕሞን እዩ፡ እብለኩም ኣሎኹ።